# ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ እስራኤል መሰል ስደተኛታት ክኸብር ጸዊዑ፡ 11/ ጥሪ/ 2018

ዕለት 09/ ጥሪ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ወሃቢ ቃል ዝኾነ ዊልያም ስፒንድለር (UNHCR William Spindler) ኣብ ጀነቫ ዝሃቦ መግለጺ፡ ናብ መንግስቲ እስራኤል ጥርዓን ከምዝቐረበ ገሊጹ። ትሕዝቶ ጥርዓኑ ብሓጺሩ ክግለጽ ከሎ፡ ንኤርትራውያን ይኹን ሱዳናውያን ስደተኛታት ብዘይድሌቶም ብሓይሊ ናብ ኣፍሪቃ ከይመልሱዎም ተማሕጺኑ።



ንመንግስቲ ኣስራኤል ነዚ ጥርዓን (ይግባይ) ንምቕራብ ዝደረኾ ምኽንያት ድማ፡ ካብ እስራኤል ዝተመልሱ ሰማንያ (80) ስደተኛታት፡ ንሂወቶም ሓደጋ ብዝኾነ መስመር ንኤውሮጳ ከምዝኣተዉ ስለዝተረጋገጸ እዩ።

እቲ ወሃብ ቃል መግለጺኡ ብምውሳኽ፡ ንሳቶም ካልእ ምርጫ የብሎምን። (እቶም ንኤውሮጳ ዝኣተዉ) ብግጭት ዘለዎ ዞባ ደቡብ ሱዳን፡ ሱዳንን ሊብያን ኣማኢት ኪሎ ሜተራት እዮም ተጓዒዞም ይብል።

ኩልና ኤርትራውያን ደለይቲ ፍትሒ ብሓፈሻ፡ ፖለቲካዊ ውድባት፡ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ይኹን ኣብዝሓ ድምጺ፡ ከም ኩሉ ግዜ ንገብሮ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ሕጂ’ውን ነዞም ኣብ እስራኤል ኣብ ሓደጋ ዘለዉ ዜጋታትና ንምጥባቕ፡ ኣብ ኩለን ሃገራት ንዝርከብ ኤምባሲታት እስራኤል ቀሪብና፡ ሰላማዊ ሰልፊ ከነካይድ ድምጽና ከነስምዕ ፐቲሽን ፈሪምና ክንዲ መሰል ስደተኛታት እስራኤል ክንጣበቕ ዘለና ግዴታ ብግቡእ ክንፍጽም በዚ ኣጋጣም’ዚ ጻውዒትና ከነቕርብ ንፈቱ።

ሰላማዊ ሰልፍታት ንምክያድ፡ ተራ ሰብኣዊ መሰላትን ከም መሪሕ፡ ተራ መራኸቢ ብዙሓን ሚድያታት ኣብ ምቕላሕን ምውህሃድ ክጻወትዎ ዝጸንሑ ልዑል ኣበርክቶ ብምምስጋን፡ ሕጂ’ውን ኣቓልቦ ሂቦም ከም ወትሩ ክምዝሰርሕሉ ጽኑዕ ኣምነት ከምዘለና ብምርግጋጽ፡ ከም ለበዋን መዘካኸርን ምቕራብ ድማ ግቡእ ይመስለና።

__ሓበሬታ__፡ እቲ ስእሊ እቶም ስደተኛታት ካብ ሊብያ ምስተበገሱ፡ ብናይ ሃገረ ስፓኛ ሓለዋ ገማግም ባሕሪ ድሒኖም ኣብ ወደብ ኣዉጉስታ ሲቺሊያ ኣብ ሃገረ ጥልያን እናተሓጽቡ ከለዉ ዘርኢ፡ ወግዓዊ ስእሊ ናይ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ዝተላዕለ ወግዓዊ ስእሊ እዩ።

**ክፍሊ ዜናን ባህልን**፡ ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ - **11/ January/ 2018**